

# ናብ ቤትትምህርቲ ባህሊ እንኳዕ ብደሓን መጻእኩም!

**እንሆ እምበኣር ኣብዚ፡ ሓበሬታ ብዛዕባ ቤትትምህርቲ ባህሊን፤ እቲ ኣብኡ ዚካየድ ንጥፈታትን፡ ኣተርጒምና ነቕርበልኩም ኣሎና። ኣብቲ ምሳና እትገብርዎ ርክባትን፡ ኣብቲ ዚወሃብ ትምህርትን ግና፤ ብቛንቋ ሽወደን ኢና ንዛረብን ንጽሕፍን።**

ኣብዚ ቤትትምህርቲ ባህሊ፡ ንዓኻ ዕድሜኻ ካብ 6 ክሳብ 22 ዓመት ዝኾንካ፤ ንናይ ሙዚቃ፡ ደርፊ፡ ትያትር፡ ሙዚቃዊ ትልሂታት፡ ሳዕስዒት፡ ሲርኩስ፡ ስነ-ጥበብነትን ሜድያን፡ ናይ ገዛእ ርእስኻ መሃዝነት ንኽተማዕብል ዕድል ክንህበካ ኢና።

ኣብዚ ቤትትምህርቲ'ዚ፡ ሓደስቲ ዝኾኑ ተገዳስነታት ክትረክብን፡ ምስ ካልኦት ሓደስቲ ኣዕሩኽቲ ክትራኸብን ክትክእል ኢኻ። ናብዚ ትመጽእ ድማ፡ ብድሕሪ ናይ ቤትትምህርቲ ጊዜኻን፡ ኣብ ዕረፍቲ ዘሎካ ጊዜን'ዩ።

 [ብቐጥታ ናብቲ ኮርሳትን ናብቲ ቦታ ምሓዝን (ብሽወደንኛ)]

## እቶም ዘሎዉና ኮርሳት

ኣብዚ ምሳና፡ ካብቶም ብኣማእት ዚቐጽሩ ኮርሳት፡ ናይ ሙዚቃ፡ ትያትር፡ ሳዕስዒት፡ ሲርኩስ ከምኡ ሜድያ ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ። ካብቶም ዘሎዉና ኮርስታ ድማ፡ ንሓደ ምሉእ ክፍሊ-ዓመት ዚኸዱን፡ ንሕጽር ዝበለ ጊዜ ዚኸዱን፡ ኮርሳት ኣሎዉና። እቶም ንምሉእ ክፍሊ-ዓመት ዚኸዱ ኮርሳት፡ ንሓደ ክፍሊ-ዓመት፡ ካብ 300 - 750 ክሮኖር፡ ዝኽፈሎም እዮም። ነዚ ድማ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ክፍሊ-ዓመት፤ ብውሑዱ ክሳብ 12 ዚኸውን ናይ ትምህርቲ ጊዜ ክንህበካ ከም ዝኾንና ነረጋግጸልካ። ከምኡ ውን፡ ኣብቲ ኣተገባብራ ናይቲ ትወስዶ ትምህርቲ፡ ጽልዋ ከም ዚህልወካ ክንገብር ኢና። እቶም ንሓጺር ጊዜ ጥራይ ዚካየዱ ኮርሳት፤ ካብ 3 ክሳብ 6 ናይ ትምህርቲ ጊዜ ዘሎዎም፤ ካብ 300 - 600 ክሮኖር ዘኽፍሉ እዮም።

ንዓኻ፡ ሓደ ካብቲ ናይ ሙዚቃ ኮርሳት ዝመረጽካ፤ ናትካ ናይ ሙዚቃ መሳርሒ ዘይብልካ ድማ፤ ካብቲ ኣብ ቤትትምህርቲ ባህሊ ዘሎ፡ ናይ ሙዚቃ መሳርሒ መኻዚኖ፤ ከከምቲ ዝተረኽበሉ ኣጋጣሚታት፡ ክትካረ ዕድል ኣሎካ። ብጀካ ናይ ሻምቡቆን ፒያኖን መሳርሒ ሙዚቃታት።

**ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ** [ናይ ኮርሳት ዚኽፈል ክፍሊታት (ብሽወደንኛ)]

## ኣወሃህባ ትምህርትና

ኣብቲ ቤትትምህርቲ ባህሊ፡ በብጉጅለ ኢኻ ትመሃር። ኣብቲ ናይ ሙዚቃ ዓይነት ትምህርቲታት፡ ክልተ ወይ ብርክት ኢልኩም ክትኮኑ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብቲ ናይ ትያትር፡ ሳዕስዒትን ስነጥበብን ግን፡ ኣብ ዕብይ ዝበለ ጉጅለ ኢኻ ትኸውን። ንስኻ ኣብኡ እናተሳተፍካ፤ ነቲ ኣወሃህባ ናይ ትምህርትኻ ውን ክትጸልዎ ትኽእል ኢኻ። ምስቲ መምህርካ ብሓደ ኼንኩም፤ ነቲ ስነጥበባውነትን፡ ነቲ ቴክኒክን ክተማዕብልዎ ኢኹም። ብጉጅለ ኴንካ ምስ ትሰርሕ፡ ነንሕድሕድካ ክትቀሳቐስ ቀሊል እዩ። እቲ ዚወሃብ ትምህርቲታት፡ ብድሕሪ'ቲ ናይ ትምህርቲ ጊዜ፡ ኣብ ናይ ዕረፍቲ ጊዜኻ ዚወሃብ እዩ። **እቲ ትምህርቲ፡ ብቛንቋ ሽወደን እዩ ዚወሃብ።**

ንስኻ ናይ ስንክልና ጸገም ዘሎካ፡ ካብቲ ኩነታትካ ብምብጋስ፡ ነቲ ናትካ መሃዝነት ክትመራመረሉ ክትክእል ዕድል ክወሃበካ እዩ። ነቲ ናይ ትምህርቲ መደባትና (ንጥፈታትና)፡ ብዝተኻእለና መጠን፡ ነቲ ናትካ ባህጊን ኣድላይነታትን ክነማልእ ዕድል ክንህብ ክንፍትን ኢና።

## እቶም ዘሎዉና መምህራን

እቶም ኣብ ቤት ትምህርቲ ባህሊ ዘሎዉ መምህራንና፤ ብትምህርቶም ብቑዓትን ብተገዳስነት ዚሰርሑን ሰባት እዮም። ንሳቶም ብስነምምህርናን ብስነጥበባዊ ትምህርትን፡ ብደረጃ ዩኒቨርሲቲ ዝተማሃሩ እዮም። እቶም ዘሎዉና ናይ ቴክኒክ ሰራሕተኛታት፡ ስነጥበባውያን መድረኽን ኣልባሳትን ድማ፡ ነቲ ናይቶም ተመሃሮ ስነምርኢታትን ትያትራዊ መደባትን፤ ብሞያዊ ዓይኒ ክግመት ብዚኽእል ደረጃ ንምግባሩ ዝተሓጋገዙ፤ ክኢላታት እዮም።

## ንሕና ኣብ ጥቓኻ ኢና ንርከብ

እቲ ዚወሃብ ትምህርቲ፡ ኣብቶም ኣብ ምሉእ ስቶክሆልም ዚርከቡ፡ ናትና ህንጻታትን ኣብያተትምህርትን እዩ ዚግበር። እቲ ኣዳራሻትና ኩሉ ዘድሊ ዝበሃል ምሉእ መሳርሒታት፤ መድረኻት፡ መብራህቲታትን ድምጺን፡ መሰለሚን ከምኡ ውን መኻዚኖ ኣልባሳትን ዘሎዎ እዩ። ናይ ስእሊታትን ናይ ቅርጺ ስቱድዮታትን ውን ኣሎና። ናይ መሳዕስዒ ኣዳራሻትን፡ ናይ ሙዚቃ ስቱድዮን፡ ክፍሊታት ውን ኣሎዉና።




**K = ምልክት ናይ ሕንጻታትና/ኣዳራሻትና 'ዩ**

**ብተወሳኺ፡ ኣብ 70 ዝኸውን ኣብያተትምህርቲ ናይ ከተማ ስቶክሆልም፡ ንጥፈታት ነካይድ ኢና።**

## ቦታ ንምርካብ ቆጸራ ምግባር

ንስኻ ዕድሜኻ ካብ 6-ክሳብ 22 ዓመት ዝኾነ፡ ኣብ ከተማ ስቶክሆልም ትቕመጥ፡ ኣብቲ ናትና ኮርሳት (ትምህርቲታት) ክትካፈል ትኽእል ኢኻ። ናይ ቦታ ምርካብ ቆጸራ ንምግባር፡ ናብቲ ናትና ዝርዝር ትምህርቲታት (ብሽወደንኛ) እቲኻ ግበሮ። ኣብኡ ድማ፡ በብቲ ዓይነት ትምህርቲታት፡ ብዕድመ፡ ብናይ ቦታ ከባቢ፡ ብናይ ትምህርቲ መዓልቲታት ወዘተ እናነፈኻ፡ ክትርእዮ ትኽእል ኢኻ።

## ምሳና ርክብ ግበር

ሕቶታት ምስ ዚህልወካ ወይ ናይ ቦታ ምርካብ ቆጸራ ሓገዝ ምስ ትደሊ፤ በዚ ዚስዕብ ምስና ርክብ ግበር. ኣብቲ ምሳና እትገብሮ ርክባት ይኹን ኣብቲ ትምህርቲታትናን፤ እቲ ንጥፈታትና ብሽወደንኛ እዩ ዚካየድ።

**ኣብ ማሕበራዊ ሜድያ ሰዓበና።**

#Kulturskolansthlm

KulturskolanStockholm kulturskolansthlm KulturskolanSth

E-post: **kulturskolan@stockholm.se** Telefon: **08-508 318 70** **kulturskolan.stockholm.se**